ዕለት 20 06 2014

# ዝኽሪ መዓልቲ ስውኣት ኣብ ማንሃይምን ከባቢኡን

ከምቲ ልሙድ ኩሉ ነባራይ ማንሃይምን ከባኢኡን ኣብ ዕለት 19 06 2014 ልክዕ ሰዓት ኣርባዕተ ኣብ ገረብ ስዉእት ዘላቶ(Burgere )ብርገር ፓርክ ካብ ኩሉ ከባባቢ ብእተፈላለዩ ኣገባብ መጎዓዚ ኩሉ ሃገራዊ ብሓባር ንፍርቂ ሰዓት። ኣብታ ብቁጽሪ V.R1563 ተመልኪታ ዘላ ገረብ ስውእት ኩሉ ንሰማኣታት ዝግበኦም ክብሪ ብፍላይ እታ ብደሞም ዝመጸት ክብርቲ ሃገራዊት ባንዴራ ኤርትራተኸዲና ዝነበረት ክሳብ ክንደይ ረዚን ዋጋ ከም እተኸፍላ ዘርኢ መግለጺ ነይሩ።ኣብዚ ብዝክረሰማእታት ተኸፊቱ ነቲ ካብ ኩሉከባቢ ዝመጸ ብፍላይ ዝበዝሑ ተኻፈልቲ መእሰያት ስለ ዝነበሩ

እቲ ምውርራስ ኤርትርዊ ክብሪ ብፍላይ ሰማእታትን ክሳብ ክንደይ ከምእነኽብሮም ብኣካል መጺኦም ተሳቲፎሞ። ኣቦ መንበር ማሕበረሰብ ማንሃይምን ከባቢኣኡን ነቲ ኣብቲ ኩቡር ዕለት ዝመጸ ሃገራዊ ኤርትራዊ ሰማእታትና ሓንቲ ሃገር ኣረኪቦምና እዚ ብመስዋእቲ ኣሸሓት ዝመጸ ነጻነትስለ ዝኾነ ምዕቃቡ ናትና ግደ ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ።እተፈላለዩ ጽሑፋት ንስውእትና ዘሎና ክብሪ ዝግልጹ ተነቢቦም።እቲ ካለኣይ ክፋል ኣከባብራ ምሸት ዕለት 19.06.2014 ኣብ ኣደራሽ C -2 ሰዐት 18 ካብቲ ናይ ፓርክ ሰማኣታት ብዝደመቐ ንሰማእታትና ዝዝከሩ ጭርሖታት ዘወቀብ ኣደራሽ ልዕሊ 200 ኤርትራውያን ዓበይትን ናእሽቱን ኩሉ ንኽብሪ ሰማእታትና ኣብ ካርታ ኤርትራ ኣብ መሬት ተሳኢላ ዝነበርት ነብስ-ወከፍ ሓሓንቲ ሽምዓ ኣብ ዶባት ኤርትራ ውሊዑ ብምቕማጥ ዘኪርዎም ኣምስዩ። ኣቦመንበር ማሕበረ-ሰብ ማንሃይምን ከባቢኡን ነቲ መደብ ብዝክረሰማእታት ምስከፈቶ በጃን ንዝሓለፉ ጀጋኑ፡ኣሕዋትናን፡ ኣዴታትና ኣቦታትና ብግብሪ ንደብሶም ኩሉን ንስድራ ሰማእታት ናይ ምንባይ ሓላፍነት ወሲድና ኣይነዘኽትሞም ኣእጃምና ነልዕል።ድሕሪኡ ከም ልሙድ ነቲ መዕልቲ ዝያዳ ሕድሪ ዘሰክሙ ብኣቦታትን ግጥምታትን ጽሑፋትን ተነቢቦም።ኣብዚ ምሸእት ዝኣተወ ብሽያጥ ሽምዓን ካልእ 1008.75ኣይር ከምኡ ውን ኣብ ናይ መኸተ ሰሚናር ዕለት 27.04.2014 ካብ ተሳፍርቲ ተረፍዝተረኽበ 140 ኣይሮ ብድምር 1148.75 ኤይሮ ንማዕከን ስድራ ሰማእታት ኣታዊ ተወፍዩ።

ኣብ ምዝዛም እዚ ረዚን ዝኽሪ ብፍላይ ኣብቲ መደብ ብዙሓት ተስፋ ኤርትራ መንእሰይ ስለዝነበሩ ስለምንታይ ዕስራ ስነ ስለምንታይ ትርጉም ምውላዕ ሽምዓ ሓጼር መብርሂ ተዋሂቡዝ።ኣብዚ ተወሊዶም ዝዓበዩ ኣብቲ ዝኽሪ ምስ ወለዶም ኪመጹ ስልዘይከኣሉ ብስድረኦም ልኢኾም ሽምዓ ወሊዕም።

ንመንእሰይ ህግደፍ ወኪላ ክብረት ዘርኣይ ነዚ ረዚን ሕድሪ ቋንቃ ጀርመን ትርጉም እዚ ረዚን ዕለት ገሊጻ። እዚ ሓደ ካብቲ ዘሐብን ኤርትራዊ ክብሪ ኣዩ። መደብ ብሃገራዊ መዝሙር ልክዕ ሰዓት 2100 ምስኮነ ተዛዚሙ።

ኣ/ኣ ማሕበረ-ሰብ ማንሃይምን ከባቢኡን
ማንሃይም ጀርመን